# ሓበሬታ ኮሮና ቫይረስ ኮቪድ-19

**ድሕረ ባይታ**

ብ 7 ጥሪ 2020 ውድብ ጥዕና ዓለም ሓድሽ ኮሮና ቫይረስ ጸኒሑ ኮቪድ-19 ዝተሰየመ ሕማም ከም ዘሎ ኣፍሊጡ። ኣብ'ዚ ሕጂኣ እዋን ኣብ ዩጋንዳ ብቁጽሪ ዉሑድ ተርእዮ ተለከፍቲ ናይ ኮቮድ-19 ተመዝጊቡ ኣሎ።ንገዛእ ርእስኹም ካብ 'ዚ ሕማም ንኽትከላኸሉን ሰብ ሞያ ጥዕና ዝህብኹም ምኽሪ ክትከታተሉን ብትሪ ነተሕሳስበኩም።

**ምልክታት ኮቪድ-19** - ረስኒ፡ስዓል፡ሕጽረት ትንፋስ፡ስዒቡ ናብ ደረጃ ጸገም ምስትንፋስ፡ቀጻሊ ቃንዛ ኣብ ደረት ኣፍ ልቢ፡ዕገርግር ምባልን ሰማያዊ ዓይነት ከናፍር ወይ ገጽ።

**መከላኸሊ ስጉምቲታት**

- ህዝቢ ኣብ ዝእከበሉ ቦታታት ካብ ምኻድ ምቑጣብ።
- ደጋጊምኩም ኣእዳውኩም ብማይን ሳሙናን ንልዕሊ 20 ካልኢታት ምሕጻብ።
- ኣዒንትኹም፡ኣፍንጫኹም፡ኣፍኩም ብዘይተሓጽብ ኣእዳውኩም ካብ ምሓዝ ኣወግዱ።
- ጥዕናኹም ጽቡቕ እንተድኣዘይተሰሚዒኩም ምስ ዝሓመሙ ሰባት ካብ ምትንኻፍ ተቖጠቡ።
- ምስ ካላኦት ብሓባር ካብ ምምጋብ፡ብሓደ ምብላዕን ኣወግዱ።
- ኣብ ማይ ትጋርትሉ ነቑጣታት፡ማእከላት ጥዕና፡ መግቢ ኣብ ትወስድሉ ንቑጣታት፡ኣኣንገድቲ ማእከላት ማሕበራዊ ርሕቀት ምሕላው።

**እዚ ብሰንኪ ኮቪድ-19 ናይ ዩጋንዳ ውስንነት ወይ ደረት ንስደተኛታት ብኸመይ ይጸልዎም?**

- ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ናይ ህጻውንቲ መውዕሊ ቦታታት፡መሰልጠኒ ትካላት ክሳዕ 20 ምያዝያ 2020 ተዓጽዮም ኣለዉ።
- ምንቅስቓስ ካብን ናብን መዓስከራት ስደተኛታት፡ህዝባዊ መጉዓዝያን ንዝመጽእ 14 መዓልታት ብመንግስቲ ተኣጊዶም ኣለዉ።
  እዚ ንቦዳ-ቦዳ፡ታክሲ፡ሚኒባሳት,ኣውቶቡሳት፡መጉዕዝያ ባቡራትን የጥቃልል።
- ዩጋንዳ ንወጻእተኛታት ኣብ መእተውን መውጽእን ግዝያዊ እገዳ ከምዝገበረት ኣፍሊጣ ። (ንሓተትቲ ዑቕባን ስደተኛታትን ሓዊስካ) ብመሬት ኮነ ወደብ ወይ መዓርፎ ነፈርቲ።
- ሓተትቲ ዑቕባ ኣብ መስገሪን መኣንገዲ ማእከላትን ናይ ኮቪድ-19 መለለይ ፍተሻ ይግበረሎም።
  ምዝገባ ናይ ሓተትቲ ዑቕባ ምስ ፕሮቶኮል ናይ ምኒስትሪ ጥዕና ብምዝማድ ይቕጽል።
- ክፉት ዕዳጋታት ህዝባዊ ኣኼባታት ይዕጸዋ። ዱካናት ክፉታት ይኾና።
- ኣብ መዓስከራት ዘለዋ ትካላት ጥዕና ክፉታት ኮይነን ይጸንሓ።

**ህዝባዊ ኣኼባታት (ካብ 40 ውልቐሰባት ንላዕሊ)**

**እዚ ኽኣ ሓደ ካብ ቀሊል ኣብነት ናይ ህዝቢ ምትእክኻብ ንሓደጋ ተላጋቢ ሕማማት ከም ኮሮና ቫይረስ (ኮቪድ-19) ዝኣመሰሉ ከዛይዶ ይኽእል።**

**ኣብነት ናይ ህዝባዊ ኣኼባታት፡** - ስፖርታዊ(ክዑሶእግሪቁማር፡) ፡ሃይማኖታዊ (ምስታፍ ኣገልግሎት ቤተ ክርስትያን፡ ጸሎት መስጊድ) ማሕበራዊን ባህላውን ኣጋጣሚታት፣ (ከም ስነ-ስርዓት ቀብሪ፣መርዓ ዉራያት)ፖለቲካዊ ኣኼባታት።

**ህዝባዊ ኣኼባታት ክውገድ ይግብኦ።ጸሎት ኣብ ቤትኩም ክኸውን ይግበኦ።መርዓ ኮነ ቀብሪ ብቀረብ ስድራ ጥራይ ዝሳተፍሉ ይፍጸም።**
ናይ ኮቪድ-19 እንተድኣ ኣማዕቢልኩም ብጃኹም **ናብ ቀርባኹም ዘሎ ማእከል ጥዕና** ኪዱ፡ ወይ ድማ ናብ ሚ/ርኣተክ ካጊርታ(0782909153/ 0703592552)፣በርናርድ ሉብዋማ(0782783499)
ዶ/ር ኣላን ሙሩታ(0772460297) ወይ ሚንስትሪ ጥዕና ነጻ መስመር (0800100066/ 0800203033)ደውሉ።

**ዝኾነ ጥሕሰት ናይ ሕጊ ኮነ ናይ ምውሻብ ወይ ውሳነ ናይ ህዝባዊ ኣኼባ ብመሰረት ሕጊ ዩጋንዳ ስጉምቲ ይውሰዶም።**